**ሓበሬታ ንምትሕልላፍ ሕማም ዓባይ ሰዓል (ቲቢ) ተቓሊዕካ ኔርካ ክትከውን ትኽእል**

ናይዚ ኮሙነ ሓኪም ንስኻ ምስ ሓደ ሕማም ዓባይ ሰዓል(ቲቢ) ዘለዎ ሰብ ተራኺብካ ከምዝነበርካ ሓበሬታ ረኺቡ ኣሎ። ዕዮ ናይቲ ናይ ኮሙነ ሓኪም ነዞም ከምዚ ዝኣመሰሉ ሰባት እቲ ሕማም ተምሓላሊፍዎም ከይከውን ምምርማር እዩ። እዚ ኸኣ መታን እቶም ሰባት ሕክምና ንክረኽቡ እዩ።

ሕማም ዓባይ ሰዓል ሓደገኛ ሕማም እዩ ግና በቀሊል ኣይምሓላለፍን እዩ። ምሉእ ብምሉእ ከኣ ተሓኪሙ ዝሓዊ ሕማም እዩ።

ኣዝዮም ውሑዳት ሰባት እዮም ምስ ከምኡ ሕማም ዝነበሮ ሰብ ዋላ ጥቡቕ ርክባት ይንበሮም እቲ ሕማም ዝመሓላለፎም። እቲ ሕማም ካብ ዝተመሓላለፈካ እዋን ክሳብ ምልክት ናይቲ ሕማም ተርኢ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ።

እቶም እቲ ሕማም ዝተመሓላልፎም ሕክምናዊ ምክትታልን ክንክንን ይግበረሎም።

**ሓደ ሓደ ሰባት ዝያዳ ነቲ ሕማም ንክተሓላለፎምን ነቲ ሕማም ንከማዕብሉን ዝተቓልዑ እዮም። እቶም ዝያዳ ኣብ ሓደጋ ዝርከቡ ጉጅለ እዞም ዝስዕቡ እዮም ፡**

- ቆልዑ ካብ 0—5 ዓመት ንዝተናውሐ ግዜ ጥቡቕ ርክብ ምስ ሕማም ቲቢ ዝተመሓላለፎ ሰብ ዝነበሮም።
- ብምኽንያት ሕማም ዝተዳኸመ ስርዓተ ምክልኻል ሰብነት ዘለዎም ሰባት (ሕማም ሽኮር፡ መንሽሮ፡ኤችኣይቪ/ኣይድስ), ወይ ክኣ መድሃኒት ዝወስዱ ከም ንኣብነት መድሃኒት ኣንጻር ነባሪ ነድሪ መዓናጡን ነድሪ መለጋግቦን (ዓጋቲ ቲ ኤን ኤፍ- ኣልፋ ፡መድሃኒት መንሽሮ ወይ ናይ ኮርቲሶን መድሃኒታት)።

**ምልክታት ሕማም ዓባይ ሰዓል**:

- ንልዕሊ ሰለስተ ሰሙን ዝጸንሕ ሓድሽ ሰዓል፡ ቃንዛ ኣብ ኣፍልቢ፡ ለይታዊ ረሃጽ፡ ሓፈሻዊ ድኻም ሰብነት፡ ድኻም፡ ምዕጻው ሸውሃትን ምጉዳል ክብደት ሰብነትን።

ካብዞም ነዚ ሓደጋ ዝተቓልዑ ጉጅለ ዲኻ ወይ ገለ ካብዚ ዝተጠቐሰ ምልክታት ኣለካ'ዶ? ተወሳኺ ሓበሬታ ትደሊ ዶ ወይ ጥራሕ ዝርርብ ኢኻ ትደሊ? ንሓኪምካ ወይ ንማእከል ጥዕና ናይቲ ኮሙነ ተወከስ፡

ኮሙነ/ንኡስ
ምምሕዳር ኮሙነ:
ኣድራሻ:
ትራኽቦ ሰብ:
ቴሌፎን/ሞባይል:
ኢ-መይል:

ዕለት

ምስ ሰላምታ

---

**ዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ሕማም ዓባይ ሰዓል ኣብ ናይ ህዝባዊ ሕክምና ኢኒስቲቱት መርበብ ሓበሬታ: www.fhi.no/tb ርኣ።**